# ህዝባዊ ግንባር መንዩ?

ህዝባዊ ግንባር ካብ ህዝቢ ዝወጸ፡ ምስ ህዝቢ ዝነብር፡ ንህዝቢ ዘገልግል ጓሳ እዩ።

ህጽባዊ ግንባር ንሓፋሽ ዝውድብ፡ ዘንቅሕ ዘዕጥቕ ዚቃልስ ግንባር እዩ።

ውዳቤታት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዓላምኤን ዝጸንዓ፡ ዝተዋህበን ሕድሪ ዝሰከማ፡ ውዳበታት እየን።

ውዳቤታት ህዝባዊ ግንባር ኹነታት ዝመዝናን፡ ተለዓል ኪይተባህላ ዝብድሃ እየን።

## ስለዚ

ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ውዳቤታቱን፡ ብመንፈስ፡ ብመትከል፡ ብስራሕ ዘይነጻጸሉ ሓደ ኣካል

ብሓደ ስጉምቲ ዝስጉሙ፡ ሓደ ልቢ ቅኑዕ ራኢ ዝውንኑ ኣካላት እዮም ።ህዝባዊ ግንባር
በሽሓት ሰራውር ደው ዝበለ፡ ንፋስ ዘይንውንዎ፡ ነጎዳ ዘየሰንብዶ፡ ጸሓይ ዘየህስሶ እዩ።

እምበኣር ህዝባዊ ግንባርን ውዳቤታቱን ሓደ ኣካል ካብ ኮኑ፡

ንሱ ዶኾን ይኸውን ዓወት ናይምስጢሩ?

እወ ሓደ ካብቶም ብዙሓት ሚስጢራት።

## ግን

እቲ ዝዓበ ምስጢር፡

እምነትን ተፈፋይነትን እዩ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡ ዓወት ንሓፋሽ፡

ገብረንጉስ መስመር ።